# ሲመተ ክህነት ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ቅ. ሚካኤል ከረን

ብቀዳም 11 ሓምለ 2001 ግእዝ (18 ሓምለ 2009) ኣብ ደብረ ቅ.ሚካኤል ከረን ናይ 6ተ መንእሰያት ሲመተ ክህነት ብብፅዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ተፈጺሙ።

ኣብዚ "ዓመተ ካህናት" ብቅዱስ ኣቦና ር.ሊ.ጳጳሳት በነዲክቶስ መበል 16 ዝተኣወጀልና ኣብ ኤጳርቅና ከረን ናይ ፮ተ መንእሰያት ክህነት ምርኣይ ጸጋ ኣምላኽ ንቤተ ክርስቲያና መዓሪ ክንደይ ከቢብዋ ከምዘሎ ዘረድእ እዩ፡ እዚ ኸኣ ፍረ ናይ ቅዱሳት ኣቦታትናን ኣደታትናን ጸሎት ምዃኑ እዩ። እዚ ኩነት እዚ ኣብ ታሪኽ ዘርኣ ክህነት ፍሉይ ዝገብሮ ፮ተ መንእሰያት ኣብ ሓደ ጊዜ ክህነት ምቅባሎም እዩ፡ ከምዚ ኣጋጣሚ ፡

1. ብ25 ታሕሳስ 1889 ብኣቡነ ክሩዘት ኣብ ከረን 10 ክህነት ተቀቢሎም ነበሩ፡ ካብዚኣቶም ኣባ ሰጊድ ማሕራይን ኣባ ጴጥሮስ ጋብርን ተወልድቲ ከረን ነበሩ፡
2. ብ1936 ከኣ 8ተ ክህነት ካብ ዝተቀበሉ፡ ኣባ ወልደትንሣኤ በየድን ኣባ ገብረመስቀል መወስን ከኣ ተወልድቲ ከረን ነበርዎም።
3. ሎሚ ድሕሪ 73 ዓመት ኣብ 2009 ኣብ ከረን፡ 6ተ መንእሰያት ደቂ ከረን ክህነት ክቅበሉ ምርኣይ ኣዝዩ ዘሓጉስ እዩ።

ኤጳቅና ከረን ካብ ዝምሥረት በብሰለስተን ኣርባዕተን ሓሙሽተን እውን ክህነት ዝተቀበሉ ኣለውና፡ ነዚ ናይ ሎሚ ፍሉይ ዝገብሮ ግና ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ሕይወት ኤጳርቅና እቲ ዝለዓለ ቍጽሪ ምዃኑ እዩ፡ እሞ ልዑል እግዚኣብሔር ዝተመስገነ ይኹን።

ዕለተ ሲመቶም ብዙሓት ውለደ ክህነትን ምእመናን ካብ ኩሉኤጳርቅናታት ኤርትራን ዝመጹ ኣብ ዝርከቡሉን፡ ልዕሊ 40 ካህናት ዘማእከልዎ ጳጳሳዊ ቅዳሴን ሲመተ ክህነት ተፈጺሙ፡ ናይ ኤጳርቅና ከረን ጳጳስ ኣቡነ ኪዳነ ንዕለቱ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ ዓመተ ካህናት ምኽንያት ብምግባር ኣብነታዊ ቆመስን ሓላዊ ቆመሳትን ተባሂሉ ብቤተ ክርስቲያን ስያሜ ዝተዋህቦን፡ ብናቱ ናይ መበል 150 ዓመትዝክረ ሞት እዚ ዓመተ ካህናት ተስይሙ ንዘሎ ኣባ ዮሓንስ ቪያነይ ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ሕይወቱን ኣገልግሎቱን ኣብነት ንዝኾነ ነጥብታት ብምታኳር "ክህነት ፍቅሪ ልበ ኢየሱስ"ምዃኑ፡ ካህን ንርእሱ ዘይኮነ ንሕዝቢ ምዃኑ፡ ሕይወት ኣባ ዮሓንስ ከኣ ኣብታ ፍቅሪ ኣምላኽ ጐዲልዋ ዝርከብ ቍምስና፡ ፍቅሪ ኣምላክ ዝመልስ ካህን ምዃኑ ብምብራሁ፡ ካህን እዩ ንጕይታ ኣብ መንበረ ታቦት ከምዝህሉ ዝገብር፡ ብዘይ ካህን ሕማማትን ሞትን ትንሣኤ ጐይታን ከንቱ ምኾነ፡ ከመይ ቀጻሊ ድሕነት ካህን ክንድዝኾነ እናበሉ ብዛዕባ ክህነት ኣዕሙቅ ኣቢሎም ገሊጾም።

ዝርዝር ታሪኽ ሕይወት ናይዞም መንእሰያት እዚ ዝስዕብ እዩ።

# ሓደስቲ ካህናት ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

# 18 ሓምለ 2009

| | ኣባ መታይ | ኣባ ዮሴፍ | ኣባ ገብረሚካኤል | ኣባ ፍሰሓ | ኣባ ጐይትኦም | ኣባ ግርማይ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ስም ኣቦ | ናይር መንግሥቱ | ዓንዱ ረዳእ | ተኽለሃይማኖት ጅምዕ(ተ/ማርያም) | ተኪኤ ናይብ | ሣሙኤል ረጢ | ዘርኣይ ዳይን |
| ስም ኣደ | ኣመንሥኤ | ሓና ዑ/ጊዮርጊስ | ተኽኣ ዮሓንስ | ሕይወት ፍረ | ለተየሱስ ጊላንኪኤል | በደላ ነዋር |
| ዕ/ልደት | 11.12.1977 | 4.11.1976 | 20.11.1980 | 15.5.1983 | 19.3,1981 | 4.2.1978 |
| ዘርኣ ክህነት ዝኣተወሉ | 15.9.1996 | 1998 | 15.9.1997 | መከረም 1998 | 15.9.1997 | 2004/2005 |
| መባእታ 1-5 | 1991-1996 | 1988-93 | 1991-1996 | 1991-95 | 1991-97 | 1989-93 |
| ማእከላይ 6-7 | 1997-1998 | 1994-95 | 1997-1998 | 1996-1998 | 1997-98 | 1994-1996 |
| ካልኣይ ደረጃ 8-11 | 1999-2003 | 1996-2000 | 1999-2003 | 1998-2002 | 1999-2003 | 1996-2000 |
| ፍልስፍና | 2003-2005 | 2001-2003 | 2003-2005 | 2003-2005 | 2003-2005 | 2001-2004 |
| ተሎጊያ | 2005-2009 | 2004-2009 | 2005-2009 | 2005-2009 | 2005-2009 | 2005-2009 |
| ዕ/ዲቍና | 25 ሚያዝያ 2009 | 25 ሚያዝያ 2009 | 25 ሚያዝያ 2009 | 25 ሚያዝያ 2009 | 25 ሚያዝያ 2009 | 25 ሚያዝያ 2009 |
| ዕ/ክህነት | 18 ሓምለ 2009 | 18 ሓምለ 2009 | 18 ሓምለ 2009 | 18 ሓምለ 2009 | 18 ሓምለ 2009 | 18 ሓምለ 2009 |